ካብዝን ካብትን፡ ናይ ተመክሮና ኣብነት

ነጸረ ተ/መድህን - ለንደን - 02-10-2005

ከም'ቶም ኩሎም ብጾቶም ኣብ ዓዉደ ኩናት ብጅግንነት ክስዉኡ ዝረኣዩ'ሞ ዘይወጽእ ናይ ኣእምሮ በሰላ ዝገደፈሎም፣ ኣነ'ዉን ኣብቲ ኣዝዩ ዉሑድ ተመክሮይ እናሻዕ ክዝከሩኒ ልበይ እናተመልሔ ከም ሕጂ ዝተፈጸመ ናይ ሕልሙ-ጋህዲ ኮይኑኒ፡ ኣዒንተይ ንብዓት ክጀጽር፡ ብትዝታ ተዋሒጠ ንድሕሪት ተመሊሰ ብሕልናይ ከዉግዕ፣ ዘይበሊ ናይ ስቕያት ሓድግታት ከየጸገሙኒ ኣይተረፉን። በቲ ካልእ ሽነኹ ክመዝኖ እንከለኹ ግን፣ ብቐሊሉ ዘይትክኡ በራዉር ብጾት ደኣ ተኸፊሎም'ምበር፡ ተበጃዉነትን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ ብጋህድን ተግባርን ዝተመሃርናሉ፡ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍሎ መስርሕ እዩ ነይሩ። ካብቲ ብዙሕ ናይ መስዋእቲ ተመክሮና (ኣብ ሓድሕድ ኩናት፣ ኣንጻር ጸላኢ ኮነ ኣብ ዉሽጢ ዉድባት)፡ ዝረኣኹዎ ገለ ንምጥቃስ ዝኣክል ትንክፍ ትንክፍ እንተ'በልኩ ደይ መዘኻኸን መሓበር ኣብነት ጅግንነት ስዉኣትናን እዩ ዝኸዉን ኢለ። ምስትብሃል ዘድልዮ ግን ኣብነት ጅግንነት ስዉኣትና ኣብ ከተማታት ኤርትራ ኮነ ኣብ ጽዕጹዕ ዓዉደ ኩናታት፡ ብቐዕ መጽናዕቲ ተገይሩ ናይ ሓባር ንባብ ከም ዝህልወና ምግባር ንሓድነትናን ምትእምማናን ኣዝዩ ምሓገዘ።

ጌጋ ይኸለኣለይ፡ ዓመተ-ምህረቱ ኣብ ከባቢ 1979 ከም ዝነበረ ይዝከረኒ። ሓይልና ርቕቕ ኢሉ ስለ ዝነበረ፡ ሰራዊት ጸላኢ ደንዲኑ ወግሔ ጸብሔ ክፋተነና፣ ሓይልታት ህዝባዊ ግንባር እዉን ጽርግያ መንገዲ ከረን ሰሰጊረን ክብደሃና፡ ዝተኸፍለ መስዋእቲ እንተ ተዘርዚሩ ኣየናይ ዓምዲ ክኣኽሎ። እቲ ሓድሕድ ኩናት'ኳ ድርብ ቃንዛ'ዩ። ንሕጂ ቁንጥር ቁንጥር ኣቢልካ ምዝራብ እንተሓሸ ብማለት፡ ናይ ስዉእ ወዲ ሳሙኤልን ስዉእ እድሪስ ወዲ ሸኽን ጅግንነት ምጥቃስ እኹል ኣብነት እዩ ዝብል ገምጋም ገይረ።

እድሪስ ወዲ ሸኽ ኣባል ሓይሊ ጸጥታ ኣስመራን ከባቢኣን ዝነበረ ክኸዉን እንከሎ፡ ወዲ ሳሙኤል ከኣ መራሕ ሓይሊ፡ ሓንቲ ካብተን ምምሕዳር ቁ.8 ዘቕመተን ሓይልታት እዩ ዝነበረ። እዞም ክልተ ብጾት ከም'ቶም ኩሎም ብጾቶም፡ ኤርትራ ሓራ ኮይና ንደቃ ብምልኣት ማእኪላ ብዕግበት እተሳሲ ምጭዉቲ ኣደ ክትከዉን ጥራሕ'ዮም ዝትስፈዉ ነይሮም። ትሕተ ሃገራዊ ዝኸነ ጠለባት ኣይነበሮምን። ነዚኣቶም ከም ኣብነት ምንባብ ከኣ ነጸብራቕ ናይ ኩሉ'ቲ ግዜኡን ህይወቱን ዝኸፈለ ህዝብና እዮም። ናይ ብኡነት ከኣ፣ ብሓባር ዝዓበየን ዝተዋስኤን ህዝቢ ጠለባቱ ብዙሕ፡ ሓድነቱ ከኣ ስንኩፍ ነይሩ እንተ ዝኸዉን ናይ ነጻነት ዓወቱ መዓስ ምተጎናጸፈ። ኩልና እንፈልጦ፡ እንኽሕዶ ርትዒ መዓስ

ኮይኑ። ህዝብና፣ ሰራዊት ሓርነትን ህዝባዊ ሰራዊትን ንጽንዓቱ ዝሓገዘ ንጹር ጠለባት ስለ ዝነበሮ ዶ ኣይኮነን - ኣንጻር ዝተዓጸጸፎ ቁጽሪ ህዝብን ጦር ሰራዊትን መኪቱ ዝሰዓረ?

ናይ ሰላምታ ኣኽብሮት ንመሬት ብኽልተ ኣእጋሩ ዘቢጡ፡ ከመዓልካ ሓወይ ተጋዳላይ ብማለት ጸብጻብ ሓይሉን ንኩናት ዘድልዩ ነገራትን ኣቕረበ። ከም ኣመሉ ፍሽኽ እናለ ንሕሩድ ዝኸዉን ከምኡ ኸኣ ንወልፊ ምትካኽ ዘሎዎም ኣባላት ሓይሉ ዝያዳ ናይ መሳርፍ ጠለብ ኣቕረበ። ንመሓሪ ወዲ ሳሙኤል እሞ እምቢ ዶ ይበሃል ኮይኑ። ናተይን ናይ ወዲ ሳሙኤልን ናይ መጨረስታ ምርእኣይና ሰዓት ምኻና ግን፡ ንፈልጥ ኣይነበርናን። ወዲ ሳሙኤል ናብ ሓይሉ ክኸይድ ይህወኽ ስለ ዝነበረ፡ ከይተጸጋገብና ብቕጽበት ተፈልየ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ወዲ ሸኽ ኣባል ጸጥታ ኣስመራን ከባቢኣን ኮይኑ፡ መደበሩ ኣብ መቐርካ (ዓንሰባ) እዩ ዝነበረ። ናይ ሓይልታትና ብቐዕ ምድግጋፍን ናይቲ ምምሕዳር ጽፉፍ ምዉህሃድን ስለ ዝነበረ ኸኣ'ዩ ወዲ ሸኽ ናብቲ ዓዉደ-ኩናት ዘምረሔ። ወዲ ሸኽ ዓላ'ዩ ዝነበረ'ሞ ብሰሓቑን ጭርቃኑን ኣብቲ ምምሕዳር ፍቱዉ፡ ኣዝዩ ኸኣ ተናፋቒ ነበረ። ምንጪ ናይ ደስታን ርግኣትን፣ ኣብ ግዜ ጸበባን ራህዋን ኩሉሳዕ ኮኾብ ክብሎ ይደፍር። ወዲ ሸኽን ወዲ ሳሙኤልን ቅድሚ'ቲ ኣንጻር ጸላኢ ክግበር ዝተጸንዔ ኩናት፡ ዝኾነ ይኹን ዉዕል ኣይነበሮምን። በብዝተዋህቦም ናይ ስራሕ ሓላፍነት መሰረት ምስ ብጾቶም ናብ ዓዉደ-ኩናት እዮም ዝተጓዕዙን ኣብኡ ኸኣ ዝተራኸቡን።

መደብ ለይታዊ መጥቃዕትና ኣብ ከባቢ ሰዓት ክልተ ናይ ለይቲ ክጅመር ተወጢኑ። ሰፊሕ መዛግብ ናይ ጸላኢ ከነጥቅዕ ስለ ዝነበረና፡ ብርክት ዝበለ ስሩዕ ሓይልን ንፖሊቲካዊ ትምህርቲ (ምለዛናይ) ዝተዓደሙ ተጋደልቲ፡ ሚሊሻን ገባሮን ኣሳተፍና። ሓይልታትና ካብ ጸዓዚጋ ክሳብ ዳዕሮ ዘሎ ስትራተጂካዊ ቦታታት ተሓንጊጠናኣ፣ ናይ ንምጥቃዕ ትእዛዝ ክሳብ ዝወሃበን ይጽበያ ነበራ። ወዲ ሳሙኤልን ወዲ ሸኽን ዝመርሕወን ሓይልታት፡ ንዕርድታት ናይ ዓደ"በነይ፡ ሃዘጋ፡ ንምፍራስ ሓላፍነት ተዋህቦም። ጀጋኑ ብጾት ወዲ ሳሙኤልን ወዲ ሸኽን ከም ኣመሎም ተመልከተለይ እናሉ ምስ ብቐዕ መሪሕነታዊ ተራኦም፡ ኩናት ጅምር ክብል ዓለሉ።

ኩናት ኣብ ሰዓቱ እዩ ዝተጀመረ። ባርዕ ኮይኑ ህጃማት ምስ ቀጸለ፡ ሓይልታት ጸላኢ ኣዝዩ ረዓደ፣ ካብ ዕርድታቱ ተገሊዑ ሃዶሽዶሽ ክብል'ዉን ጀመረ። መደባትና እናተሰላሰለ ሓይልታት ጸላኢ ረዳት ንኽመጽ ኣዉያት ኣብ ዘስማዓሉ ዝነበረ እዋን፡ ዕርድታቱ ፈሪሱ ኣብ ጎላጉል መንጎ ሃዘጋን ዓዲ-ያዕቆብን ገጹ ተኣኻኽበ። ዝደመየን ዝተቐሰለን ሓይሊ ጸላኢ ንጸሓይ ዕርበቱ፡ ኣለኻ ክብሎ ካብ ኣስመራ ዝመጸ ረዳት ንእሽቶ ትንፋስ ሰኹዓሉ። ወገግ ኢሉ ጸላም ክቕንጠጥ ምስ ጀመረ ሓይልታትና ናብ ከባቢ መራኸቢ ቦታኤን ከዝልቓ መምርሒ ተመሓላለፈ።

ሃገራዊ ጉብኣተን ዘሰላሰላ ሓይልታትና ኣብ ምዝላቕ እንከለዋ፡ ስም ወዲ ሳሙኤል ኣብ መራኸቢ ሬድዮ ክጥቀስ ሰማዕኩ። ኣይጸናሕኩን ወዲ ሳሙኤል ተሪፉ ዝብል ናይ ስንባደ ጫዉጫዉታ ንህዋሳተይ ሰናጢቑ፡ ኣብ መላእ ኣካላተይ ዛሕሊ ዘርኣለይ። ጸጸኒሑ እቲ ነገር ክደጋገም ኣእምሮይ ሰሊሉ፡ ጅግና ወዲ ሸኽ ተመሊሱ፡ ሬሳ ወይ ከኣ ህይወት ወዲ ሳሙኤል ከምጽእ ከምዝኸደ፡ ከም ሕልሚ ትዝ ይብለኒ። ኩሉ ብሓደ ሻዕ ኮይኑ፡ ኣእዛነይ ክሰምየየ ዘይደለየ መስዋእቲ ወዲ ሳሙኤልን እቲ ንዕዉ ከድሕን ዝተመልሰ ወዲ ሸኽን ተረዳእኩ። መሪር፣ ናይ ብሓቂ ነብስኻ ዘጽልእ ስምብራት ዝገደፈ መሪር ተመክሮ ነበረ።

ጅግና ወዲ ሸኽ ንድሕሪት ምስ ተመለሰ፡ ወዲ ሳሙኤል ወዲቑ ግንከ ብህይወቱ ስለ ዝጸንሐ፣ ሓዚሉዎ ናብ ሓይልታትና ዝነበራኦ ስግር ቦታ ከዝልቕ፡ ብዳግማይ ጥይት ጸላኢ ተወቒየም፡ ተደራሪቦም ወደቑ። ኣብ ናይ ነዊሕ ዳርባ ኩናት ተጸሚደን ዝነበራ ሓይልታትና፡ ናይ'ቶም ክልተ ጀጋኑ ህይወት ከዕቁባ ኣይከኣላን። ምሳና ተደሪሮም ወይ ቆሪሶም ብጅግንነታዊ መስዋእቲ ዝተፈልዩ መቃልስትና ብዙሓት እኳ እንተኾኑ፣ ናይ እዞም ክልተ ጀጋኑ ብጾት መስዋእቲ ግን ፍሉይ ኣርኣያን ነባሪ ኣብነትን ዘጠቓለለት ነይራ።

ዑፍ እኳ እዛ ዑፍ በራሪት፡ ንወዲ ሸኽን ወዲ ሳሙኤልን ኣይትፈልጦምን እያ ኢልካ ደፈርካ ክትዛረብ ኣይከኣልን ነይሩ። ሓይልታት ኣዝሊቕን ብተርታ ናብ ድሕረ ግንባር ገጸን ወሓዛ። ምሉእ ለይቲ ነቲ ኩናት ከድምጽ ዝሐደረ ገባርና - ኣቦታት ካብ ገዛዉቶም ፍንትት ኢሎም ናይ መርሓባ ምቕባል ባህሎም ምልክት ክህቡ፣ ኣዴታት'ዉን ኣብ ገበላ ገዛዉተን ጠጠዉ ኢለን፣ መርዑ ኸኣ ብኸትራን ምድሪ ቤትን መዓጹታት ፈቒቕን ርእሰን ኣቕልቂለን ክጥምታ ተራእያ። ንገባርና ኣብ ሓሳቦም ዝያዳ ዘሻቕሎም ነገራት እንተ ነይሩ፣ ድሕነት ሰራዊትና ኮይኑ መን ኣሎ መን ከ ተረፈ ዝብል ቅልዉላዉ እዩ ነይሩ። ዝገርም ናይ ጀጋኑ ብጾትና ህልዉና ኣብ ዉሽጢ'ቲ ዝጎዓዝ ዝነበረ ሰራዊት ምብኻሩ ኣስተብሂለን ኣዴታትን መርዑትን "ዋየ ዋየ ጀጋኑ ኣሕዋተየ፡ እንታይ ረኸበለየ" እናበላ፡ ኣምሪረን ናይ ስንባደ ኣልቀሳ።

<u>ጸጋይ ዮዉሃንስ</u> (ለንደን)፡ <u>ገብረመድህን ወዲ መሓሪ</u> (ጀርመን)፣ <u>ካለኦት ህልዋት ብጾትናን</u> ናይቲ ዝካየድ ዝነበረ ኩናት ንጡፋት ተሳተፍቲ ስለ ዝነበሩ፡ ኣነ ዘይጠቐስኩዎ ዝምልኡዎ ነገራት ይህልዎም ይኸዉን - ሃየ'ምበኣር ብጾት።

ብሓባር ብዊንታኡ ተቓሊሱ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብህይወቱ ዝተበጃጀወ፡ ሬሳታቱ'ዉን ኣብ ሓደ ጉድጓድ ዝተደፍነ ተባዕ ህዝቢ - ብወገን፣ ብዓልየት፣ ብኣዉራጃን ብሃይማኖትን

ዝልለ ጫሌዳታት ዘልዓሎ ነገራት ኣይነበሮን። ናይ'ዚ ዘበን'ዚ ፈሊጣዉያን ግን ነዚ ህዝቢ'ዚ ብሓደ ክነብር ዘይክእልን'ዩ ብማለት ካብ ብሓደ ዘንብሩዎ ምኽንያታት ዝያዳ ዝፈልዩዎ ባህልታትን ልምድን ይዓምቹ እናበሉ ይዝምሩ ኣለዉ። እዚ ስልቲ እዝስ ንህዝባዊ ረብሓ ዶ ክኸዉን ይኽእል? ንዝብል ሕቶ መልሱ፡ ብርግጽ ኣይፋሉን ማዕረ'ዉን ፈጠራን ሓሶትን እዩ። ስለ ምንታይ? ንሓቅታትን ክዉንነትን ኣነባባርናን ባህግታትናን ብጌጋ ዘንበበ ናይ ፈጠራ ህንደሳ ስለ ዝኾነ። እቶም ነዚ ዘልዕሉ ገለ ገለ እኳ ደኣ፡ ብዛዕባ ህዝቢ ኤርትራ ኣይፈልጡን ጥራሕ ዘይኮኑስ፡ ብተግባር ንኤርትራ ዳርጋ ዘይፈልጡዋ እዮም። ጠለብን መርገጽን ህዝቢ ኤርትራ ንኹሉ ምእንታን ክበርህ - ጠለባት ህዝቢ ኤርትራ ዘይኮኑ መኻልፋት ኣብ ዓዉዲ ቃልስናን መነባብሮናን ክሳሰዩ ኣይነፍቅድን።

ደገ'ምጸኦ ጥሒራ ባህልታት ኣተኣታቲና ንምዉህሃዱ፤ ምስቲ ጸዋርን ሓዳግን ባህልታትና ክንሕንፍጸን ክንጸፋጽፎን ምፍታን ኣንቃዕሪርካ ኣብ ምድረ-በዳ ማይ ከም ምጽባይ እዩ። ቦኽቢኹ መኣዝናቱ ዘጥፍኤ ዉደባታት ንኽይበርስ፡ መናድቕ ምክልኻል ምህናጽ (ምኹናይ)፡ ካብ ምልክት ናይ ናፍቕት፣ ነበረ ያ ነበረ፣ ትካዘ፣ ኣብ ሕሉፍ ነባሪ፣ ኒሕ - ወጻኢ ዝግለጽ ኣይኮነን። ብተንኮል ናይ ቃላት ዝተሰርሑ ዕርድታት ከኣ፡ ናይ ሓዋሩ ጸረ-ጥዕና፣ ኣበር ሓድነት፣ ዘይሓላያት ስለ ዝኾኑ ናይ ምፍንጣሕ ዘገምታ ባህርያት ዘለዎም እዮም። በዚ መሰረት ከኣ ናይ ገዛእ ርእሶም ኣተሃላልዋ ዘይፈልጡ ክዉንነት ኣብ ዝመርሖም ዘትክሉ፡ ናይ ጥፍኣት ዕድመ ምርሒት ዘሳስዩ ሰብ ቆለ ጥራሕ ምኻኖም እዮም።

ኣብዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ዘይተግባራዊ ተስፋታት ተመርኩስካ ዝዳሎ ፖሊሲታት፡ ንመኣስን ከመይን ብዘየገድስ፡ ኣዕናዊ እዩ። ሕብረት እንተሃልዩ ነዚ ተርእዮ'ዚ ጸቕጢ ጌርካ ናይ ምቕሃሙ ተበግሶ ብህጹጽ ምዉሳድ መማራጺ ዘሎዎ ኣይኮነን። ግዜኡ ከኣ'ዩ ነዚ ዕረ ዝኾነ ክዉንነት ክንቅበል። ካብዚ ሓሊፉ፡ በቶም ምቁራት ገለጻታትን ፍሽኽታን ከም ሓደ ህጻን እንዳ ተዓንገልካ፣ ንሓቅታት ከም ዘይ ሓቂ፡ ንብሩህ ወስታታት ብኣበይ ከይብጻሕ ዓባቢጥካ ምኻድ ንዘይተርፍ ዉድቀትካ ናይ ለቓሕ ግዜ ንምዕዳግ - ሃሰስ ከም ምባል እዩ ዝቑጸር።

መዳፍዕ ይተኮስ ሂም ሂም ይበል ድምጺ፣ መርየት ኣንቀጥቂጡ ይተዓብለል'ዉን ፍጡር፤ ኣማስያኡ ካብ ጎቦ ናብ ጎቦ ተራጺሙ ኣብ ሩባታትን ስንጭሮታትን እዩ ዝቕህም። ንህዝባዊ ሕልናን ጽንዓትን ግን ዝዳረጎን ዝብደሆን ባህርያዊ ኮነ ማሕበራዊ ሓይሊ የልቦን። ብመሰረቱ ኣብ ንቕሎና፡ ብፍላጥ ይኹን ብዘይፍላጥ ተራን ቦታን ህዝቢ ኣዋሲንና፡ ገበርትን ሓደግትን ብምኻን ኣብ ዘየልቦ ፖሊሲታትና ክንሕንጽጽ ህይወትን ንብረትን ኣባኺንናዮ ኢና።

ኣብ ሰዓቱ፡ ከከም ኣድላይነቱ ብብቕዓት ዘይተነጸረን ዘይተኣልየን ሕጽረታት ጫሌዳ ፈጢሩ ዘይምትእምማን ዘራጉድ ዘባል ኣቕጣጫ ከም ዝሕዝ ማንም ዝስሕቶ ኣይኮነን። ርእሲ ኹሉ ምዝካር ዘድልዮ ግን፡ ብሓባር ብኤርትራዊ መንነት ምንባር ካብ ተመርጸ፡ ክቡር ዋጋ እዉን እንካብ ተኸፍሎ፡ ብሓባር ከነባብሩኻን ከማዕብሉኻን ዘኽእሉ ልቦናን ንፅህናን ምጥራይ፣ ደሓን መዋጽኢ ምኾነ እብል። ብሽርሕን ጉርሕን ዝኽየዱ ንጥፈታት፡ ዓዲ ናብ ዘጋብር መፈጸምታ ኣየብጽሑን እዮም። ኣብ ታሪኽ ከኣ ኣይተራእየን። ናይ ታሪኽና ቁርባበኻ ዝዓቕሮቶም ከላእ መላእ ፈዘግዘግ ኣቢልና ክሳብ ዘይተመሃርናሎም፣ ንገብሮን እንብሎን ጉዳያት ኩሉ ንመቃነዩ ጥራሕ ካብ ምኻን ሓሊፉ፡ ንዉልቀ ዉድባዊ ኮነ ሃገራዊ ረብሓ ዘበርክቶ ነገራት የብሉን። ሓድሽ ሓሳባትን ምህዞታትን ከይነተኣታቱ ኸኣ ናይ ኣእምሮና ዓቕመ-ምዉህላል ብዝበለዩ ኣተሓሳስባታት መሊኡ ምስ ግዜ ምቕያር ስለ ዝኣበየ፡ ኣየኽኣለናን።

ፖሊቲካዊ ምምሕዳርን፣ ዝኾነ ይኹን ዓይነታት ሃይማኖታዊ ኣምልኾን ፈላሊኻ ብንጹር ምቕማጠም - ናይ ፍትሕን ዴሞክራስን ማዕርነትን ምርግጋጽ መሰረተ-ተበግሶ እዩ ! ! !

ዝኽርን ክብርን ንስዉኣትና !!!